# ዓቢ ሰለማዊ ሰልፊ ተጋሩን ኤርትራውያንን
# ዕለት 28.01.2021 ኣብ ከተማ ስቱትጋርት

ብማሰረት እቲ ሜጸዋዕታ ዓለምለኻዊ ሰለማዊ ሰልፊ ብሓደ ሜልቲ ክግበር ዝተወሰነ ኣብ ሃገር ጀርመን ጥራሕ እኳ ኣብ ከተሜታት በርሊንን ፍራንክፎርትን ስቱትጋርትን ከምኡ`ውን ዱስልዶርፍ ብውዕዉዕን ድሙቕን ኣገባብ ብዙሓት ተጋሩ ምስ ዕሸላቶምን ደቆምን ከምኡ ከኣ ኤርትራውያን ዝተረኽቡዎ ካብ ሰዓት 12፡ 00 ክሳብ ሰዓት 14፡ 00 ድ.ቀ ተኻይዱ። ሰልፈኛ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ስቱትጋርት ኣብ ጎደና ኮኒግስኣለ ኣብ ጥቃ እቲ ቤተ መንግሥቲ ናይ ምምሕዳር ባደን-ቩርተምባርግ ዝርከበሉ ቦታ ብጊዜኡ ተረኺቡ ብዝኽሪ ስውኣትን ኣስዒቡ ጸሎት ብትግራዋይ ካህን ብትግርኛ ቀጺሉ`ውን ንኃይማኖት ምስልምና ዝወከለ ብዓረብ ተገይሩ። ቀጺሉ ቃል ናይ ተጋሩ ወደብቲ ሰለማዊ ሰልፊ ፡ ከምኡ`ውን ቃል ብስም ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ኣብ ሃገር ጀርመንን ኣውራጃ ባደን ቩርተምባርገርን ተሰንዩ ተቓልሐ። ቃል ወኪል ኣሰና ኣብ ስቱትጋርትን ከባቢኣን እውን ተዋህበ። ብዙሕ ጨፎሖታትን ሜኪክርን ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ጀርመን ከምኡውን እንግሊዝ ብመንእሰያትን ዕድመ ብዝደፍኡን ተዋሂቡ ንብዙሓት ሓለፍቲ መንገዲ ጀርመናውያንን ካልኦት ዜጋታትን ነዚ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ቀዛፍን ኣጽናትን ውግእ ከፍልጦምን ክሕብሮምን በቒዑ ኢዩ። በዚ ከኣ እቲ ሰለማዊ ሰልፊ ብጽፈትን በሠላምን ተዛዘመ፡











<u>ኣሰናዳኢ</u>፡ **ኣንገሦም ገ/ዮውሓንስ**